ዕለት: 29 ሚያዝያ 2013

# ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማታት ሲድኒን ኣደላይድን ዕዉት ህዝባዊ ሰሚናር ኣካይዶም።

ኣብ ሃገረ ኣውስትራልያ ዝርከቡ ኤርትራውያን በብኸተምኦም ዘካየድዎ ዘለዉ ሰፋሕቲ ሰሚናራት መኸተ ቀዳምን ሰንበትን እውን ኣብ ከተማታት ሲድኒን ኣደላይድን ዝርከቡ ኤርትራውያን ኣዝዩ ዕዉት ዝኾነ ሰሚናር ከምዝካየዱ፡ ህዝባዊ ርክባት ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ካብ ከተማ መልበርን ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ብምውህሃድ ህዝባውያን ማሕበራትን ኣባላት ህግደፍን ዝተወደበ ሰሚናር፡ ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ኣቶ በሽር እድሪስኑር፡ ኣብ'ቲ ሰሚናር ተረኺቡ፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርናን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን፡ ብፍላይ ድማ፡ ኣብ'ቲ ምስሊ ኤርትራ ንምድዋን ብማዕከናት ዜናን መርበባት ምዕራብን ዝጋዋሕ ዘሎ፡ ከንቱ ናይ ፕሮፓጋንዳ ዘመተ ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ኣቶ በሽር ኣብ መግለጺኡ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፈ 21 ዓመታት ኣብ መደባት ልምዓትን ቁጠባን፡ ኣብ ፖለቲካዊ መኸተ፡ ኣብ ምኽስኻስ መንእሰያት ከምኡ'ውን ምሕያልን ምውዳብን ህዝባውያን ሃገራውያን ማሕበራት ኣመልኪቱ ሰፊሕ ትሕዝቶ ዘለዎ ወረቐት ኣብቲ ሰሚናራት ከምዝቐረበ ተፈሊጡ። ኣቶ በሽር ኣብ መግለጺኡ ቀንዲ ድሌታትን ዕላማን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ምሕያል ልምዓትን ብኡኡ ኣቢልካ ድማ ምምሕያሽ መነባብሮን ህዝብና ከምዝኾነ፡ ብኣንጻሩ ቀንዲ ስትራተጂ ደለይቲ ሕማቕና ድማ፡ ምትዕንቓፍ መደባትናን ምድኻም ቁጠባናን ስለዝኾነ፡ ነዚ ብዝተፈላለየ ማእለማታት ዝተፋሕሰ ተንኮላት ምምካትና መርኣያ ሓድነት ህዝብን መንግስትን ምኻኑ ገሊጹ።

ብተወሳኺ ኣቶ በሽር፡ መንግስቲ በቲ ዘይሕለል ጻዕሩ ነቲ ክሳብ ሕጂ ከካይዶ ዝጸንሐ ትሕተ-ቅርጺ ብምውዳድ፡ ኣብ 2013ን ኪኢኡን ተሓንጺጹ ዘሎ መደባት ልምዓትን ፕሮጀክትታትን፡ ህዝቢ ብውልቂ ይኹን ብማሕበር ክሳተፍን ተጠቃሚ ናይ'ቲ መደብ ክኸውንን ጻውዒት ኣቕሪቡ። ጎኒ ጎኒ'ዚ መደባት ልምዓት'ውን ጸላእትናን ከደምቶም ሃሱሳትን፡ ንህዝቢ፡ ብፍላይ ድማ ንኣብ ወጻኢ ዝርከብ ህዝብና ዝንቡዕ ሓበሬታ ከስንቑን ቀቢጸ-ተስፋ ኮይኑ ኣብ'ቲ ናይ ሃሱሳት ዘንቢል ከእትዉዎ ካብ ምጽዓር ስለዘይቁጠቡ

ብፍላይ ንናእሽቱ መንእሰያትና ውዳቤኦም ኣሕይሎም ኣሰር ኣሕዋቶምን ኣያታቶም ብምስዓብ፡ ሃገራውነቶም ዓቂቦም ከምዝህነጹ ምግባር ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ እዩ ኢሉ።

ኣቶ በሽር ኣብ መጨረሻ፡ ህዝብን መንግስትን ኣብ'ዚ ዳሕረዋይ 12 ዓመታት ምስናይ ኩሉ ተጻብኦታቱ ዘሳለጦ ዕማም ኣቃሊልካ ዝርአ ከምዘይነበረ ድሕሪ ምግላጹ፡ መንግስቲ ኤርትራ ግን ዛጊት ንኹሉ ተጻብኦታት ብዓቕሊ፡ ንኹሉ ጸገማት ድማ ብሓያል ተጻዋርነት ሰጊሩ፡ ሎሚ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ድማ ብፍላይ ብድርቅን ስእነት ሰላምን ኣብ ዝሕመሳሉ ዘለዋ እዋን፡ ኤርትራ ግን ርግእትን ቅሳነት ዘለዋ ደሴት ክትከውን ከምዝበቕዐት ድሕሪ ምግላጹ፡ ልክዕ ከም ኣብ ውሽጢ በቲ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ዝተኻየደ ዕዉት ናይ መኸተ መድረኻት፡ ነቲ ነብስኻ ናይ ምኽኣል ዝብል መሰረታዊ መትከልና ዝኹልዕ'ዩ ኔሩ ድሕሪ ምባል፡ ህዝቢ ሎሚ'ውን ከም ቀደሙ ኣብ'ዚ ሕጂ ኣቲናዮ ዘለና ሓያል ናይ መኸተ መድረኽ ውዳቤኡ ኣሕይሉ፡ ሓድነቱ ከትርርን፡ ከይደቀሱ ክፉእና ንዝሓልሙን ንዝሓስቡን ብትኩርነት ኣለልዩ ክምክትን ኣስሚሩሉ።

ህዝቢ ብወገኑ ንዝተዋህበ መግለጺ ድሕሪ ምስማዕን፡ ዝተፈላለዩ ሕቶታትን ርእይቶታን ድሕሪ ምቕራብን፡ ኣብ ሃገርና ንዝመጽእ ተጻብኦ ብኹሉ ሸነኻቱ ካብ ምምካት ድሕር ከምዘይብሉ ገሊጾም። ብዘይ ሃገር ክብረት የለን፡ ስለዚ ንሃገርና ግቡእና ጥራይ ዘይኮነ ኪንኡ'ውን ክንገብር ድሉዋት ኢና ክብሉ ገሊጾም። መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ጽላታት፡ ብፍላይ ድማ ሃገርና ብመግቢ ርእሳ ክኢላ ክትከይድ ዘርእዮ ዘሎ ዝንኣድ ትሕተ-ቅርጻዊ ስርሓት ኣዝዩ ከምዝኹርያምን፡ ከምዝሕብኖምን ገሊጾም።

ሚኪኤል ኢሳቕ

ሓላፊ ህዝባዊ ርክባት
ቤ/ጽ/ጠ/ቆንስላው ሃ/ ኤርትራ
መልበርን-ኣውስትራልያ